Tigrinya

መዋእለ ህጻናት

Public education
**Discover a world of opportunities**

# ቁጽርታት፡ ትምህርቲ ኣብ ገዛ

## ሓሳባት ንኣብ ደገ ክትወጹ እንከለኹም ተካይድዎም ቁጽሪ ሓዘል ንጥፈታት

### ኣብ ውሽጢ መኪና

ኣብ ውሽጢ መኪና ደቅኻ ተጸሚዶም/ከይሰልቸዎም ክጸንሑ ንምሕጋዝ ምስኦም ዝተፈላለየ ዓይነት ጸወታ ክትጻወት ትኽእል ኢኻ፡

- ምስ ደቅኻ ኮንካ ብዝሒ መካይን ቁጸር። ፍሉይ ሕብሪ ዘለወን መካይን ብምቑጻር ነቲ ጸወታ ዝያዳ በዳሂ ግበሮ። ንነብሲ ወከፍ ሕብሪ ዝተቆጽራ መካይን መዝገብ ሓዝን ኣብ መወዳእታ ጉዕዞኻ ከኣ ኣይነይተን ሕብሪ ተዓዊታ ተመልከቱ።
- ከም’ዞም ዝስዕቡ ቋንቋታት ተጠቒምካ ብዛዕባ ኣንፈታት ተዛረብ፡ ጸጋም፡ የማን፡ ሰሜን፡ ደቡብ፡ ምብራቕን ምዕራብን።
- ኣብ’ቲ መዐደሊ ነዳዲ ንደቅኻ እዚ ዝስዕብ ሕቶታት ሕተቶም፡ ሎሚ ዋጋ ነዳዲ ክንደይ ኔሩ?ን ብኸመይ ትፈልጡ?

### ኣብ ትነብረሉ ከባቢ

ኣብ እትነብረሉ ከባቢ ምስ ደቅኻ ኣብ እትጓዓዘሉ እዋን፡

- ኣብ ጎደናኹም ዘለዋ ቁጽሪ ገዛውቲ ፍቐዱ፡
- ብዛዕባ ቅርጽታት የዕልሉ፡ ንኣብነት፡ ኣብ መንገዲ ቀዳምነት ሃብ ዝብል ምልክት ሰለስተ መኣዝን ኣለዎ።
- ናብ ገዛ መሓዙትካ ናብ ዕዳጋን ክትከይድ እንከለኻ ብዛዕባ እንፈታት ተዘራረቡ።

### ሽመት/ምግዛእ ኣቑሑት

ኣብ ዕዳጋ ሽመት ኣብ እትገብረሉ እዋን ደቅኻ ነዞም ዝስዕቡ ንጥፈታት እናካየዱ ከምዝጽመዱ ግበር፡

- ኣብ’ቲ ዓረብያ፡ ዘንቢልን ቦርሳን ዘለው ኣቑሑት ክቖጽሩ
- ሰለስተ ዓቐናዊ ስፍሓት ዘለዎም ነገራት ከመልክቱን እንታይ ከምዝበሃሉ ኸኣ ክዛረቡን፡ ንኣብነት- እዚ መትሓዚ ታኒካ ዕትሮ ‘ሲሊንደር’ ይበሃል
- ክንደይ ካብ ነብሲ ወከፍ ኣቕሓ ከምዘድሊ ክሓስቡ፡ ንኣብነት፡ ንድራር ዝኸውን ንነብሲ ወከፍ ሰብ ክንደይ ሶሰጅ (ግዕዝም) የድልየና?
- ነቲ ኣቕሑት ከተውርድዎ እንከለኹም ከበድቲ፡ ፈኮስቲን ነዋሕቲ ነገራት/ኣቑሑት ደሊዮም በብምድቦም ከቕምጡ፡
- ኣብ’ቲ ዱኳን ቁጽርታት ደሊዮም ከመልክቱ፡ ንኣብነት ኣብ’ቲ ዝተለጠፈ ናይ ዋጋ ሓበሬታን ኣብ ኮረድዮታት ዱካንን
- ብዛዕባ ገንዘብ ክድህስሱን ከዕልሉን፡ ንኣብነት፡ ኣቑሑት ንምግዛእ ትጥቀመሎም ናይ ወረቐት ኖትን ናይ ሓጺን ገንዘብን፡ ዝወሃበካ መልሲን ጠቕላላ ብዝሒ ዝግዝኡ ኣቕሑትን።



Department of
**Education**

ዝያዳ ጽሑፋት ብዛዕባ ትምህርቲ ኣብ ገዛ ኣብ education.wa.edu.au ክትረኽቡ ኢኹም።

© Department of Education, Western Australia, 2015